አብ ስምን መስተዋድድን አትዮም ዝንገሩ አማርያን

እዞም አብዚ ዝረአናዮም አማርያ በዓል ናይ(ኩ፣ነ፣ከ፣ክሙ፣ኪ፣ክን፣አ፣ኡ፣አት፣ኣ) አብግሲ መወዳእታ እናተዉ ዝንገሩ'ዮም።ነገር ግን እዚኦም ጥራሕ አይኮኑን።አብ ስምን መስተዋድድን መወዳእታ እናአተዉ ነቶም ዐሠርተ ተውላጠተ ስም ዘመልክቱ ካልኦት አማርያን አለዉ።ንሶም ድማ እቶም አብቲ ቀጺሎም ዘለዉ'ዮም።

ስማዊ		መስተዋድዳዊ		
አማሪ	ስም-ሀገር	አማሪ	መስተዋድድ- ምስለ = ምስ	ልሳነ ትግራይ
የ	ሀገር+የ = ሀገርየ	የ	ምስለ+የ = ምስሌየ	ምሳይ
ነ	ሀገር+ነ = ሀገርነ	ነ	ምስለ+ነ = ምስሌነ	መሳና
ከ	ሀገር+ከ = ሀገርከ	ከ	ምስለ+ከ = ምስሌከ	ምሳኻ
ክሙ	ሀገር+ክሙ = ሀገርክሙ	ክሙ	ምስለ+ክሙ = ምስሌክሙ	ምሳኹም
ኪ	ሀግር+ኪ = ሀገርኪ	ኪ	ምስለ+ኪ = ምስሌኪ	ምሳኺ
ክን	ሀገር+ክን = ሀገርክን	ክን	ምስለ+ክን = ምስሌክን	ምሳኽን
ኡ	ሀገር+ኡ = ሀገሩ	ሁ	ምስለ+ሁ = ምስሌሁ	ምስኡ
አሙ	ሀገር+አሙ = ሀገሮሙ	ሆሙ	ምስለ+ሆሙ = ምስሌሆሙ	ምስኦም
ኣ	ሀገር+ኣ = ሀገራ	ሃ	ምስለ+ሃ = ምስሌሃ	ምስኣ
ኦን	ሀገር+ኦን = ሀገሮን	ሆን	ምስለ+ሆን = ምስሌሆን	ምስኣን

በዚ መሠረት ድማ ግሲ፣ስም መስተዋድድ ኩሉ በዞም አማርያን እዚኦም እናተዘርዘረ ይንገር።

አብነት

ግሲ	በዓልናይ	በዓል አማሪ ስም	ልሳነ ትግራይ
ዐቀብኩ	አነ	ሀገርየ	አነ ሀገረይ ዓቀብኩ
ሐነጽነ	ንሕነ	ሀገረነ	ንሕና ሀገርና ሀነጽና
አፍቀርከ	አንተ	ሀገረከ	ንስኻ ሀገርካ ፈቶኻ
ዖድክሙ	አንትሙ	ሀገረክሙ	ንስኹም ሀገርኩም ዞርኩም
ሐረ	ውእቱ	ምስሌየ	ንሱ ምሳይ ከደ
መጽኡ	ውእቶሙ	ምስሌነ	ንሶም ምሳና መጽኡ
ነበረት	ይእቲ	ምስሌሆን	ንሳ ምስአን ተቐመጠት
አንሰሰዋ	ውስቶን	ምስሌሃ	ንሰን ምሳኣ ተመላለሳ

እናበለ ይንገር።

አገናዛቢ አማሪ

ዘ+አማሪ	እንተ+አማሪ	እለ+አማሪ	ልሳነ ትግራይ

ዚኣየ	እንቲኣየ	እሊኣየ	ናተይ
ዚኣነ	እንቲኣነ	እሊኣነ	ናትና
ዚኣከ	እንቲኣከ	እሊኣከ	ናትካ
ዚኣክሙ	እንቲኣክሙ	እሊኣክሙ	ናትኩም
ዚኣኪ	እንቲኣኪ	እሊኣኪ	ናትኪ
ዚኣክሙ	እንቲኣክን	እሊኣክን	ናትክን
ዚኣሁ	እንቲኣሁ	እሊኣሁ	ናቱ
ዚኣሆሙ	እንቲኣሆሙ	እሊኣሆሙ	ናቶም/ናታቶም/
ዚኣሃ	እንቲኣሃ	እሊኣሃ	ናታ
ዚኣሆን	እንቲሆን	እሊኣሆን	ናትን/ናታተን/

አብነት

ከምዚ እናበለ መንገዱ የርእየና

በዓልናይ	ግሲ	
ዚኣየ	ውእቱ	ናተይ'ዩ
ዚኣነ	አንተ	ናትና ኢኻ
ዚኣከ	ይእቲ	ናትካ'ያ
እንቲኣየ	አንቲ	ናተይኢኺ
እንቲኣነ	ውእቱ	ናትና ኢዩ
እንቲከ	አነ	ናትካ'የ
እሊኣየ	እንትሙ	ናተይ ኢኹም
እሊኣነ	እሙንቱ	ናትና እዮም
እሊኣክሙ	አማንቱ	ናትኩም'የን

ምልማድ

በዚ መሠረት እቶም ቀጺሎ ዘለዉ ስመን መስተዋድድን ቢዓሠርቶ አማርያን አርብሑ/ሓ

ስም +አማሪ	ልሳነ ትግራይ	መስተዋድድ+አማሪ	ልሳነ ትግራይ

መጽሐፍ	መጽሐፍ	ቅድመ	ቀድሚ
፩. ፪. ፫. ፬. ፭. ፮. ፯. ፰. ፱. ፲.			